# ቀጻልነት ንሓድነታዊ ስምምዕኩም ! ! !

By Negusse Haile (Mensa’ai)

ኩሉ ኤርትራዊ ዝፈልጦ ኩይኑ ከም ዝስምዓኒ ፣ ካብ 1914 ዓ.ም.ፈ. ጀሚራ ብቛንቋ ብለን ኣገዳሲ ኣስተምህሮታት እትምግብ ሓንቲ መደበር ፈነወ ረድዮ ቈይምማ ነይራ ። ኣነ ብወገነይ ከኣ ንምቛማ ደጊፈ ነይረ ። እዚ ግን ነቲ ድሒሩ እተጋህደለይ ናይ መግለጺ ዕላማኣ ፍልልያት መግለጺ ቅድሚ ምፍላጠይ ኢዩ ። .ደሓር ርኡይ ፍልልያት ብዘጋጠመ ግዳ ኣብ ሓንቲ እንተዘጥርነፋ ጽቡቕ ነይሩ ብማለት ኣይተጨነቕኩን ። እንታይ ደኣ ነፍስወከፍ ጕጅለ በብናታ ዕላማ ምስታ ካልኣይቲ ተኸባቢረን ንኽሰርሓ ተመንየ ። እዚ ከኣ ኣብ ጊዜ ቃልሲ ካብ 1961 ዓ.ም.ፈ. ኣትሒዝና ክሳብ ሎሚ ብዘጥረናዮ ተመክሮ መሰረት ፣ ተፈላሊኻ ጸኒሕካ ምትሕቝቛፍ ኣብ ሕዝቢ ኤርትራ ዳርጋ ዘይልሙድ ጕዳይ ኩይኑ ስለ ዝጸንሐ ኢዩ ። ብዝተረፈ ናተይ መሰረታዊ እምነት ፣ እዚኣቶም መን’ዮም እቲኣቶምከ ብዘየገድስ ፣ ፖሊቲካን ዘይፖሊቲካን ከይበልካ ኩሉ ሕዝቢ ብለን ብሓባር ዝጥቀመላ ሓንቲ መደበር ፈነወ ረድዮ ንክትህሉ ኢዩ ። ከመይ ብናተይ ተረድኦ፣ ንሓድነት ሕዝቢ ብለን ዋሕስነት ዝህብ ኣነባብራ እዚ ኢዩ ። ኣብታ ብ1989 ዓ.ም.ፈ. „መርሓባ“ ብእትብል ኣርእስቲ እናኣዳሎኹ ኣብ ነፍስወከፍ 6 ወርሒ ዝዝርግሓ ዝነበርኩ መጽሔት ፣ ገለ ካብ ሰውራዊ ደርፍታት ብለን ዘቕርብ ዝነበርኩ ንኣብነት ካብዚ ዕላማ’ዚ ብምብጋስ ኢየ። ንሕዝቢ ብለን እምበኣር ነዚ ንጠለብካ ዘርዊ ቅዱስ ክበሃል ዝከኣል ዕላማ ንምቕጻል መለኮታዊ ጸጋ እምነየልካ ።

ሕጂ ግን ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ናይ ወርሒ January 2020 ዓ.ም.ፈ. ግዱስ ሓውና ተስፋብርሃን ረዳኢ ብእንተርነት ኣቢሉ ብዝሃቦ መግለጺ ክልቲኣተን መደበር ረድዮታት ማለት ረዲዮ ብሊናን ጃህራይን ኣብ ሓደ ተጠርኒፈን። እንቋዕ እምበኣር ኣብዚ ኣብቅዓክን ። ናይ ጕደና ስራሕ ጕዕዞኽን ከኣ ናይ ዓወት ዕምባባ እተነስነሶ ይኹነልክን ።

ብዝተረፈ ፣ ከም ኣበሃህላ ሕዝብና ፣ „ዓይኒ ኣባይ ይድፈነልክን !!!’ ። ነተን ቋንቋ ትግረ ዝዛረባን ነተን ካልኦት ከምዚ ዓይነት ኣገልግሎት ዘድልየን ዘሎ ቀቢላታትን ከኣ „ንፋስልከ ይጽለወን !!!“ ።

እዚ ወደሓንኩም !!!